ኣደነትን ስድራ-ቤትን

ቆልዑት ዘለዎ ሰብ: ኣብ ምሉእ ስዊስ: ንቆልዑትን ንስልጠናን ዝኸውን ተወሳኺ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ይወሃቦ። ኣብ ሞያዊ ስራሕ ንዝነጥፉ ኣዴታት: ኣብ ግዜ ሕርስን ምክንኻን ሕጻንን: ብውሕዱ 14 ሰሙን ዝኽፈል ዕረፍቲ ይወሃበን።

ናይ ኣደነት ዕስቢ ወይ ካሕሳ

ኣብ ሞያዊ ስራሕ ንዝነጥፉ ኣዴታት: ኣብ ግዜ ሕርስን ምክንኻን ሕጻንን: ብውሕዱ 14 ሰሙን ዝኽፈል ዕረፍቲ (Mutterschaftsurlaub) ይወሃበን። ኣብዚ ግዜዚ ብውሕዱ 80 ሚእታዊት ናይ ደሞዘን ይኽፈለን። ስራሕ ዘይብለን ኣዴታት: ወይ ክሰርሓ ዘይክእላ እንተኾይነን: ካብ ማሕበራውያን ኢንሹራንሳት Glarus መሰል ኣለወንን የብለን ንምፍላጥ ይሓታ። ኣብዚ ፍሉይ ሕግታት ኣሎ። ኣብተን መጀመርታ 8 ሰሙናት ናይ ድሕሪ ሕርሲ: ኣዴታት ክሰርሓ የብለንን: መሰል ናይ ኣዴታት ተጥበቕቲ (Mutterschutz).

ናይ ኣቦነት ዕረፍቲ

ኣቦታት ውሉድ ምስ ተወልደ ንኽልተ ሰሙን ዝኣክል ደሞዝ ዝኽፈሎ ናይ ኣቦ ዕረፍቲ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም። ከም ዕረፍቲ ሕርሲ (ኣዴታት) ዘይኰነስ ናይ ኣቦ ዕረፍቲ ተዓጻጻፊ እዩ፡ ከመይሲ ነዚ ኩሉ ብሓንሳእ ወይ በብሓደ መዓልቲ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ። ይኹን እምበር እቲ ሕጻን ካብ ዝውለድ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ክኸውን ኣለዎ።

ንወለዲ ዝወሃብ ኣበል/ተወሶኺ ክፍሊት

ቆልዑት ዘለዎም ሰባት: ንወለዲ ዝወሃብ ኣበል/ተወሶኺ ክፍሊት (Familienzulagen) ናይ ገንዘባዊ ሓገዝ ይግበረሎም። እዚ ንቆልዑት ክሳብ 16 ዓመት ዝዕድሜኦም ከም ተወሳኪ ንመእሰያት ከእ ክሳብ 25 ዕድሜኦም ናይ መሰልጠኒ ተባሂሉ ይወሃብ።ስለዚ ኣብዚ መሰል ዘለዎም: ኩሎም ወለዲ ዝሰርሑ እንተኾይኖም:ነብሶም ዝኽኣሉ ወይ ስራሕ ዘይብሎም ወለዲ ቅሩብ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። ስለዚ ሰራሕተኛታት ወለዲ ተወሳኺ ሓገዝ ምስ ደሞዞም ዝኽፈል ይወሃቦም። ዝያዳ ሓበሬታ ንተወሳኺ ክፍሊት/ኣበል ዝምልከት ካብ ማሕበራውያን ኢንሹራንሳት Glarus ይርከብ። መጠን ተወሳኺ ክፍሊት/ኣበል ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ይፈላለ።

ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-glarus.ch/ti/social-security/motherhood-and-family